# መሰል ጠበቓ ንቐልዑ

ሓበሬታታት ነቶም ኣብ መንጎ 15ን 18ን ክሊ ዕድመ ዘለኹም
ብዘይ ወለዲ ዝመጻእኩምን ዑቕባ ትሓቱ ዘለኹምን



ጠበቓ እንታይ እዩ፧

- ጠበቓ ክኢላ ሕጊ ኮይኑ ንዑቕባ ዝሓተቱ ስድራ ቤትካ ጉዳዮም ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ክግበረሉ ዝሕግዝ ብዓል ሞያ እዩ።
- ድሌትካ ክሳብ ዘይኮነ ጠበቓ ዝተዛረብኩምሉ ዘበለ ንካልኦት ክነግር ኣይክእልን እዩ።

ጠበቓ ብኸመይ እዩ ዘወሃበካ፧

- ዝደለኻዮ ጠበቓ ትፈልጦ እንተሃሊዩካ ንወኪልካ፡ ንፖሊስ ወይ ከኣ ነቶም ኣብቲ መዓስከር ዘለው ሰራሕተኛታት ሓብር ኢኻ።
- ዝደለኻዮን ትፈልጦን ጠበቓ እንተዘይብልካ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ባዕሉ ሓደ ጠበቓ ይረኽበልካ እዩ።
- ወጻኢታት ጠበቓ ባዕልኻ ኣይትኸፍሎን ኢኻ።

ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡን ከይትቕመጡን ዝውስኑ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት እቶም UDI ዝብሃሉ ኢዮም።

እንተድኣ ንውሳኔ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጥርዓንኩም ኣቕሪብኩምሉ፡ እቶም ኣብያተ ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ UNE ዝብሃሉ ኢዮም ነቲ ጥርዓንኩም ዝርእይዎ። ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡን ከይትቕመጡን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዝህቡ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ኢዮም።



# ጠበቓ ኣብ ምንታይ እዩ ዝተሓባበረካ፧

ኣብ እንዳ ፖሊስ ከም ሓታቲ ዑቕባ ምስ ተመዝገብካ

- ጠበቓኻ ብዛዕባ ጉዳይካን ዝጽበየካ ዘሎ መስርሕን የዛራርበካ።

ድሕሪ ቃለመሕተት ኣብ እንዳ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI

- ገለ ገለ ዝረሳዕካዮ ይኹን ብጌጋ ዝሃብካዮ ሓበሬታታት እንተሃልዩ ጠበቓኻ ንቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ይሕብረልካ።

መልሲ ጉዳይካ ካብ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምስ መጻካ

ቤት-ጽሕፈት ጉዳታይ ወጻእተኛታት/UDI ኖርወይ ንክትቕመጥ ኣይነፍቅደልካን ኢና ዝብል ውሳኔ እንተ ሂቦምኻ።

- ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ንምንታይ ኢዮም ንዓድኻ ግድን ክትምለስ ኣለካ ኢሎም ወሲኖም ጠበቓኻ እዩ ገሊጹ ዘረደኣካ።

እንተድኣ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ኣብ ኣብ ኖርወይ ክትቅመጥ ነፍቅደልካ ኢና ዝብል ውሳኔ እንተደኣ ሂቦምኻ

- ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ ንምንታይ ኣብ ኖርወይ ክትቅመጥ ከምዝተፈቐደልካን እንታይ ይጽበየካ ከም ዘሎን ዝብል ጠበቓኻ እዩ ገሊጹ ዘረደኣካ።

እንተድኣ ንውሳኔ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ዘይትሳማማዓሉ ኰንካ

- ጠበቓኻ ጥርዓን ንምጽሓፍ ይተሓባበረካን ብዛዕባ እቲ ጉዳይካ ዝምልከት ሓበሬታታት ድማ ንኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ይህበምን።

መልሲ ጉዳይ ሕቶኻ ካብ ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ምስ መጽኣካ

እንተድኣ ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጥ ኣይነፍቕደልካን ኢና ዝብል ውሳኔ ሂቦምኻ፡

- ንምንታይ ኢዮም ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ ክትወጽእ ኣለካ ኢሎም ወሲኖም ጠበቓኻ እዩ ገሊጹ ዘረድኣካ።
- ንዓድኻ ንምምላስ ሓገዝ ብኸመይ ክትረክብ ከም እትኽእል ጠበቓኻ እዩ ዝገልጸልካ።

እንተድኣ ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጥ ኣፍቂድናልካ ኣለና ዝብል ውሳኔ ሂቦምኻ

- ምኽንያት መቐበሊኻን ኣብ ኖርወይ እንታይ ይጽበየካ ከም ዘሎን ጠበቓኻ እዩ ዝገልጸልካ።



ገለ ገለ ተወሳኺ ሕቶታት እንተልዩካ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.UDI.no ወይ ኣብ www.NOAS.no ብምእታው ዝያዳ ሓበሬታታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

UDI Utlendingsdirektoratet Norwegian Directorate of Immigration

UTLENDINGSNEMNDA UNE

POLITIET POLITIETS UTLENDINGSENHET